# ጊዜ ጾም ኣብ ኣምላኽ ናይ ምምላስ ጊዜ እዩ።

## ንባባት፡ ሕዝቅኤል 18፡21-28፤ ማቴ 5፡20-26።

ቅ. መጽሓፍ ካብ መጀመርያ ድሕሪ ውድቀት ቀዳሞት ወለድና ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ክንምለሶ ምስ ደለየ እዩ። ብሉይ ኪዳን ካብ መጀመርያ ነዚ እዩ ዝነግር። ንኣዳምን ሔዋንን ካብቲ ይኸውለና እዩ ኢሎም ተሓቢኦምሉ ዝነበሩ ኣበሎኻ/ኺ እናበለ ከም ዝጸውዖም፥ ድሕሪኡ በብእዋኑ ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣብኡ ክምለሱ ልኡኻቱ ብምስዳድ ከም ዝሓተተ ነንብብ። ነብያት ኣብ ኣምላኽ ተመለሱ፥ ተነስሑ፥ ቀይሩ ሕይወትኩም ካብ ቁጥዐ ኣምላኽ ክትድሕኑ እናበሉ ይነገሩ ነሮም። ተነስሑ ኣብ ኣምላኽ ተመለሱ ዝብላ ቃላት ካብ መጀመርያ ምስ ነበራ እየን። ሰብ ግን ኣብ ክፍኣቱ ክነብር ስለ ዝመረጸ ታሪኽ ሰብ ብዕንወትትን ጥፍኣትን ዝመልአ ኮይኑ። ሕሱም ጸላኢና ሎሚ እውን ካብ ኣምላኽ ክፈልየና ደው ኣይበለን። ሕሱም ጸላኢ ኣሎና ስለዚ ክንበራበር ክነስተውዕል የድልየና።

ኣብ ትንቢት ኢዩኤል ነብይ እግዚኣብሔር እምብኣርሲ ሕጂውን ብጾምን ብብኽያትን ብቑዝማን ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ (ኢዩኤል 2፡12) ኣምላኽ ናይ ህዝቡ ምምላስ ከምዝደሊ ንርኢ። እዚ ዘሎናዮ ጊዜ ጾም ንነፍሲ ወከፍና ኣብኡ ክንምለስ ዝሓትት ምቹእ ጊዜ እዩ።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ቀንዲ ትስብእቲ ወዲ ኣምላኽ ንኣና ኣብ ኣምላኽ ክመልስ እዩ ምምጽኡ። ኣነ ዝመጻእኩ ነቶም ዝጠፍኡ ክመልስ እየ መጺአ ኢሉ ነጊሩና። ትምህርቱ ብምልኡ ሰባት ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክመልስ እዩ ነሩ። ንዕዉራት ከሕዊ እንከሎ፥ ንልሙሳት ከም ዝኸዱ ኸገብር እንከሎ፥ ንሓንካሳት ከሕዊ እንከሎ ምልኣት ክረኽቡ ክሓውዩ እሞ ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ኢሉ እዩ። ካብ ዝተፈላለየ ሕማም ከሕውዮም እንከሎ ድላይ ኣምላኽ ሰባት ክሓውዩ ክጥዕዩ ብነፍስን ብስጋን ኣብ ኣምላኽ ምእንቲ ክቐርቡ እዩ። ዕድመ ኢየሱስ ዘኽበሩ ኣብ ሕይወቶም ምልኣት ሓጎስ ይስምዖም ነሩ።

ሉቃስ ወንጌላዊ ከም ዝነግረና ብዛዕባ እቲ በታኒ ውሉድ እቲ ኣቦ ወዱ ክምለሶ ለይትን መዓልትን ይጽበ ከም ዝነበረ ይነግረና። ናብታ ንጥፍኣት ዝወሰደቶ መገዲ እናጠመተ ወደይ ይምለሰኒዶ ይኸውን እናበለ ክምለሶ ይጽበ ከም ዝነበረ ነንብብ። ብዛዕባ ዝጠፍኣት በግዕ፥ ዝጠፍኣት ዲናር፥ ክነግር እንከሎ ዝጠፍኡ ክምለሱ ከምዝደሊ ንምንጋር እዩ። ኣምላኽ ካብኡ ንዝርሓቐ በቲ ዝጠፍኢ ክጠፍእ ዝደልዮ የብሉን። ኩልና ካብ ኃጢኣትና ካብ ውድቀትና ክንምለሶ እዩ ዝደሊ። ዘሎናዮ እዋን ናይ ምምላስ እውን እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ሓደ ካብቶም ዓው ኢሉ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ዝነግር ዝዕድም ዝነበረ እዩ፥ ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣምባሳደራት ኢና ኣምላኽ ከኣ ብኣና ገሩ ይዕድም ኣሎ። ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኴና ድማ ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ እናበልና ንልምነኩም ኣሎና (2ቆሮ 5፡20) እናበለ ሰባት ኣብ እምነት ኣምላኽ ክምለሱ ይዕድም ነሩ።

ኣብ ኤፌሶን 4፡26-27 ክትቍጥዑ ኸለኹም ኣብ ኃጢኣት ከይትበጽሑ ተጠንቀቑ። ኣብ ቍጥዓኹም ፀሓይ ኣይትዕረብኩም፥ ንድያብሎስ ከኣ መገዲ ኣይትሃብዎ እናበለ ክንምለስ እምበር ኣብ ኃጢኣት ኣብ ቂምታ እንከሎና ጊዜ ከይንወስድ ይነግረና።

ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ሕይወትና ክንቅይር ክንሳሕ እንታይ ክንገብር ኣሎና። ምምላስ ወይ ምቕያር ምንሳሕ ክንብል እንከሎና ብሰለስተ ነገር ክንርእዮ ንኽእል።

1. Aversion ካብ ናይ ኣምላኽ ዘይኮኑ ነገራት ፈንፊንካ ጸሊእካ ካብኡ ምርሓቕ። ነቲ ንኣምላኽ ዘሕዝን ንኣና ዝጎድእ ርኢኻ ካብኡ ምርሓቕ። ኣብዚ ውሳኔ ገርካ ኣብ ውሳኔኻ ትጸንዕ እሞ ኣብ ሰላም ትነብር። እዚ ኣብ ውሽጥኻ ዝመጽሕ ሓሳብ ወይ ብኻልኦት ዝመጽኣካ ነገራት ወይ እውን ሰይጣን ዘምጽኦ ክኸውን ይኽእል።
2. Adversion ኣብ ጽቡቕ ኣብ ሓቅን ጽድቅን ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ነገራት ምምላስ። ነቲ ክፉእ ነገራት ዕድል ከይሃብካ ኣድህቦኻን ቀልብኻን ብምልኡ ኣብ ናይ ኣምላኽ ነገራት ቀዳምነት ሂብካ ምስ ኣምላኽ ሓደ ምዃን። ዝፈታተን ዘጋጢ ክህሉ እዩ ግን ጸኒዕካ ንኣምላኽ መሪጽካ ምኽኣል።
3. Conversion ምስ ኣምላኽ ምምላስ ሕይወትካ ብምልኡ ኣብ ኣምላኽ ምስኡ ምንባር። ኣብዚ ተሓድሶን ተቐይሮን ኣሎ። ከምቲ ቅ. ጳውሎስ ሓንሳብ ኣብ መገዲ ደማስቆስ ብዝረኸቦ ምምላስ ንድሕሪት ዘይበለ ኣብ ኣምላኽ ምምላስ እዩ።

ኢየሱስ ጽድቅኹም ካብ ጽድቂ መምህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ኣዝዩ እንተ ዘይበዝሐ ናብ መንግሥተ ሰማያት ከቶ ኣይትኣትዉን ኢኹም ኢለ እነግረኩም ኣሎኹ (ማቴ 5፡20) እናበለ ንሰማዕቱ ተዛሪቡ። ኣብዚ ዝብሎ ዘሎ ካብዚ ንላዕሊ ዘድሊ ከምዘሎ ክነግር ኢሉ እዩ። ፈሪሳውያን ዘተኩሩሉ ዝነበሩ ኣብ ጽልኢ ወይ ፍንፈና ናይ ግዳማዊ ነገራት ካብቲ ብሕጊ ሙሴ ዘይንጹሕ ካብ ዝብሎ ምህዳም ወይ ምርሓቕ ኣብ ዝብል የተኩሩ ነሮም።

ካብ ዘይንጹሕ መግቢ ይርሕቁ ነሮም፥ ካብቶም ብሕማም ዘይንጹሓት ዝሕሰቡ ዝነበሩ ይርሕቁ ነሮም፥ ካብ ወጻእተኛታት ዘይንጹሓት ካብ ዝሕሰቡ ይርሕቁ ነሮም። እዚ ግን ግዳማዊ ኣፍኣዊ እምበር ውሽጣዊ ኣይ ኮነን። ውሽጣዊ ክስዕቦ ከሎ እዩ ኣብ ተሃድሶን ምልዋጥን ምሕዳስን ዘብጽሕ።

ከም ክርስትያን መጠን ንሕና እውን ክንክተሎ ዘሎና ናይ ምምላስ ምቅያር መገዲ እዩ። ካብቲ እምነትና ንጹሕ ኣይ ኮነን ካብ ዝብለና ክንርሕቕ ኣሎና። ዘይ ንጹሕ ዘረባ፥ ዘይንጹሕ ኣጠቓቕማ ገንዘብ፥ ዘይንጹ ተግባር ወሲብ፥ ዘይንጹሕ ምርኣይን ምስማዕን ክንጥንቀቐሉ ኣሎና። ብኻልእ ኣዘራርባ ኩሉ ኩሉንትናና ካብቲ ኣምላኽ ዘይደልዮ ነገራት ብምሉእ ክንገትእ ኣሎና። ካብ ውሽጣዊ ስምዒትና ጀሚርና ክሳብ ግዙፋዊ ሕዋሳትና ዝደልዮ ኣርኒብና ንድለት ኣምላኽ ጽን ክንብል ኣሎና።

ክርስትያናዊ ብጽእና ኰኖ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ዝኾነ ጽልእን ፍምንፈናን ኣብ ልዕሊ ኃጢኣትን ዘይምንጽሓን ክንሓልፍ ኣሎና። ኣብቶም ናይ ኣምላኽ ነገራት ገጽና ክንምለስ ኣሎና። ብዛዕባ ትምህርቲ ኢየሱስ ንምሃር። ቅዱስ መጽሓፍ ነንብብ። ሕይወት ቅዱሳን ንምሃር። ኣብ መንጎ ናይ ዓለም ዕሽነትን ጌጋታትን ናይ ኣምላኽ መወዳእታ ዘይብሉ ፍልጠትን ዘሎ ፍልልይ ንምሃር። እንተ ኾነ ግን እዚ ደረጃ እዚ ንነገራት ኣምላኽ ፍልይ ኣቢሉ ይሕዞ። ከም ን312 ዓመት ኣብ ካቶሊካዊ ቤት ትምህርቲ ተማሂርካ ነቲ ቤተ ክርስትያን እትምህሮ እናፈልጥካ ከሎኻ ግን ምስኡ ሓድነት ዘይምግባር ክፍሊ ሕይወትካ ዘይምግባር። ብዛዕባ እግዚኣብሔር ጥራሕ ኣይኮናን ክንምሃር ዘሎና ነቲ ዝተመሃርናዮ ኣብ ሕይወትና ክነወሃህዶ ክነብሮ ናትና ክንገብሮ ኣሎና።

እዚ እዩ እቲ ሓቀና ምምላስ ክብሃል ዝኽእል። ካብ ኃጢኣት ተመሊስካ ኣብ ነገራት ኣምላኽ ገጽካ ምምላስ ምስኦም ከም እተወሃሃድ ይገብረካ። ኣብ ቤተ ክርስትያን ገጽና ጥራሕ ኣይ ኮናን ንምለስ ዘሎና

ኣብኣ ንኣቱ፥ ብምሉእ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ንለብሶ ደቃ ንኸውን፥ ሰባት ኣብ ኩሉ ሕይወትና መን ምዃና ክርእዩ ይኽእሉ። ኣብ መለኮታዊ ኣምልኾ፥ ኣብ ጸሎት ኣብ ኣስተንትኖን፥ ተምስጦን ንዝጽመድ። ብዛዕባ ትእዛዛት ጥራሕ ኣይ ኮናን እንምሃር ብእኦም ንእመን። ብድለትና ንጸውም፥ ኣብኡ ዘሎ መንፈሳዊ ጥቕሚ ነለልዮ። ንቕ. መጽሓፍ ኣይነብቦን ጥራሕ ንሕይወትና ከም ዝቐርጾ፥ ንጠባይናናን ኣገባብና መልክዕ ከም ዘልብሶ ንገብር። ብዛዕባ ቅዱሳን ጥራሕ ኣይ ኮናን እንምሃር ብሓቂ ቅድስናዊ ተግባራት ነዘውትር።

*መድኃኒና ኸአ ጽድቕኹም ካብ ጽድቂ መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን ኣዝዩ እንተ ዘይበዝነ ናብ መንፍሥተ ሰማያት ኮቶ ኣይትኣትዉን ኢኹም* ይብለና። መንግስቲ ሰማይ ኣብዚ ሕይወት እዩ ዝጅምር። ምስ ኣምላኽ ብምጉዓዝ፥ ምስ ኣምላኽ ብምንባር፥ ሕይወት ኣምላኽ ሕይወት ክሰኽዓልና ብምፍቃድ ከም ዝጅምር ንግብሮ። መንግስተ ሰማይ ኣብዚ ምድራዊ ሕይወት እዚ ኣባኻ ዘይትጅምር እንተ ኾንካ ነዚ መዋቲ ሕይወት ምስ ወዳእካ ክፍሊ ክህልወካ ኣይ ኮነን።

600 ዓመታት ቅድሚ ልደት ኢየሱስ ሕዝቅኤል ነዚ ኣቐዲሙ ነጊሩ ነሩ። *ኃጥእ ሰብ ነቲ ዝገብሮ ዝነበረ ኃጢኣት ኵሉ ገዲፉ እንተ ተመልሰ ኵሉ ሕግታተይ ከአ እንተ ሓለወ ቅንዕና ጽድቅን ድማ እንተ ገበረ ንሱ ኣይ ክመውትን እዩ* (ሕዝ. 18፡21) ይብል።

ጾምና ካብ ኃጢኣት ካብ ክፍኣትን ቅርሕንትን ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ዝዕድም፥ ኣብ ነገራት ኣምላኽ ክንምለስ ዘዘኻክር፥ ነቲ ቅኑዕ ነገር ክንገብር ዝሕግዝ፥ ንጽድቂ ዝበቅዕ ክንገብር ዝሕግዝ፥ ኣብ ቅድስና ክርስቶስ እቲ ኣብኡ ክነብሮ ዘሎና፥ ብእእኡ ክንቀሳቐስ፥ እንታይነትና ብምልኡ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ኣብ ድሕነት ሓውናን ሓፍትናን ከም እንወፍር ዝገብር እዩ።

ጾም ንጹም ንሓውናን ሓፍትናን ነፍቅር ዝብል ሎሚ ብሓቂ ክንለብሶ ክነብሮ ንሕተት ኣሎና። ኣምላኽ ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ተመለሱ ይብለና ኣሎ ንመለስ ንኣና ክጥዕመና። ኣብ ምምላስ እዩ ዘሎ ቅሳነት ሰላም ዝርከብ። ዘይተመልሰ ልቢ ኣብ ዘይቅሳነት ኣብ ምህውታት ኣብዘይሕጉስ ሕይወት እዩ ዘነብር። ስለዚ ኣብ ኣምላኽ ንመለስ፥ ንነሳሕ ኣብ መንበር ንስሓ ቀሪብና ብኃጢኣትና ንተኣመን። ኣምላኽ ክቐርበና ንቕረቦ።

ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።